BBC LEARNING ENGLISH

# How do I…

## How do I talk about about future plans?

*This is not a word-for-word transcript*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሰላም፣ እንቋዕ ናብ መደብ How do I… ብድሓን መጻእኩም። ኣነ ተኽልማርያም በኪት ኢየ፡ ምሳና’ውን ፊል ኣሎ።

**Phil**
Hello, everybody. Welcome!

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኣብ ናይ ሎሚ ትሕዝቶና ብዛዕባ ናይ መጻኢ መደባት ክንርኢ ኢና። እስከ ሕጂ ሓደ ሰብ ንሰለስተ ሰባት ብዛዕባ መጻኢ መደባቶም ዝሓቶም ብምስማዕ ንጀምሮ።
ክብድ ዝበለ እንተመሲሉ ኣይትሻቀሉ ጽኒሕ ኢልና ክንሕግዘኩም ኢና። ንሕጂ መን እንታይ ክገብር ከም ዝመደበ ገምግሙ።

*Do you have any plans for this summer?*

- *Yes, I’m going to take a Spanish class.*
- *I’d like to start running three times a week.*
- *I might travel to Scotland to see an old friend.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሰሚዕኩምዎ’ዶ? እቲ ናይ ቀዳማይ ተዛራባይ ቋንቋ ስፐይን ክመሃር ወሲኑ'ሎ። እሞ ፊል ሕጂ ብዛዕባ መጻኢ መደባትና ንምግላጽ ክንጥቀመሉ ዘኽእለና ቋንቋ’ዶ ክንርኢ?

**Phil**
Yes, why not?

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
እስከ ብሕቶ ክንፍልሞ። ‘Do you have any plans for…?’ ዝብል ኮይኑ፤ እዚ ድማ እቲ ምዱብ ግዜ ይነግረና።

*Do you have any plans for next month?*
*Do you have any plans for next year?*


© British Broadcasting Corporation 2018

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኣብ'ዚ ኩሉ ምሉእ ሓሳባት እምበኣር፡ እዞም ሰባት ብዛዕባ መጻኢ መደባቶም ተዛሪቦም። እስከ ነቲ ቀዳማይ ተዛራባይ ንስማዕ።

*Yes, I'm going to take a Spanish class.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
እቶም ተዛረብቲ 'going to' ዝብል ሓረግ ተጠቒሞም። እዚ ድማ ድሮ ነቲ ክንገብሮ ዝወሰናዮ ነገር ንምግላጽ ንጥቀመሉ።

**Phil**
OK, let's quickly practise the pronunciation together! Notice that when we say 'going to' it often sounds more like 'gonna'. 'I'm gonna take a Spanish class'. Repeat after me:
I'm gonna take a Spanish class.
I'm gonna take a Spanish class.

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕራይ፡ ሕጂ ነዚ ካልኣይ ተዛራቢ ጽን ኢልኩም ስምዕዎ።

*I'd like to start running three times a week.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
እዚ ካልኣይ ተዛራባይ ጉያ ምጅማሩ ንምሕባር 'I'd' ተጠቒሙ። እዚ ድማ ኣሕጽሮተ ቃል ናይ 'I would like' እዩ። ንሓደ ክንገብሮ ዝደለና ወይ ድማ ዘይከኣል 'would like' ንጥቀም።

**Phil**
OK! Let's practise the pronunciation again. Remember that we say 'I would' as 'I'd'. Repeat after me:
I'd like to start running three times a week.
I'd like to start running three times a week.

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
እስከ ሕጂ ነዚ ዝስዕብ ሰብ ንስማዕ።

*I might travel to Scotland to see an old friend.*


© British Broadcasting Corporation 2018

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኣብ'ዚ ኣገዳሲ ዝኾነ ግሲ 'might' እዩ። እዚ ማለት ከአ ሓደ ዝክኣል ግን ከአ ውሱን ዘይኮነ ነገር ማለት'ዩ። እዚ ተዛራባይ ንእስኮትላንድ ክኸይድ እናኽኣለ ግን ከአ ዘይደለየ ንምግላጽ'ዩ። ብድሕሪ 'might' ግን 'to' ምጥቃም ኣየድልየናን፤ ከምቲ ተዛራባይ ዝበሎ 'I might travel' ንብል።

**Phil**
And let's practise the pronunciation together. Notice how 'to' in 'travel to Scotland' sounds like 'tuh'. Repeat after me:
I might travel to Scotland.
I might travel to Scotland.

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
Thanks, Phil፡ ሕጂ እምበኣር መጻኢ መደባትኹም ብኸመይ ከም እትገልጹ ተማሂርኩም ኣለኹም'ሞ ግዴኹም ተለማመዱ።
እስከ ሕጂ ጽባሕ ናብ የዕሩኽትኹም 'drive' ክትገብሩ ሓሲብኩም ኣለኹም ንበል። ነዚ ብኸመይ ትገልጽዎ? መልስኹም ምስ ናይ ፊል ኣወዳድርዎ።

**Phil**
I'm going to drive to my friend's house tomorrow.

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
Did you say the same? ሕጂ ድማ ቀዳም ንቤተ መዘክር ክትከዱ ሓሲብኩም ኣለኹም ንበል። እንታይ ትብሉ? ኣብ'ዚ 'visit' ዝብል ግሲ ምጥቃም የድሊ። መልስኹም ምስ ናይ ፊል ኣወዳድርዎ።

**Phil**
I'd like to visit a museum on Saturday.

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ከምኡ'ዶ ኢልኩም? ናይ መወዳእታ ሕቶ እምበአር፤ ሰንበት ናብ ባሕሪ ንምኻድ ተኽእሎ ከም ዘለኩም ሕሰቡ፡ ኣብ'ዚ 'go' ዝብል ግሲ ተጠቐሙ።

**Phil**
I might go to the beach on Sunday.

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
Did you say the same?

**Phil**
Well done! Now you know how to talk about future plans!


© British Broadcasting Corporation 2018

**ኣቅራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም፡ ኣብ ዝመጽእ How do I… ብሰላም የራኽበና ድሓን ቀንዩ። Bye!

**Phil**
Bye!


© British Broadcasting Corporation 2018